ውሽጡ ሑሩር ዓርኪይ ኢሂ፡ እንታይ ዩ ሐሸሽ ዝብል፡ ትም ኢልካ ተሐባእ ስለያ ህግደፍዩ ዝመጽእ ዘሎ፡ክንዲ ብሐባር ያዕ ንበሎ፡ገለ ዓገብ ኢሉ ኣብ ማእሰርቲ ክልሎ, ውሽጡ ሑሩር ገሪሙኒሎ,ክንዲ ዝኾለስኩ ኢደይ ተነኸስኩ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብጭፍራ ህግደፍ ተዳሂኹ..እንዳ ሞተ ብፍርሒ ተዋሒጡ፡ ኣብ ስደት ዝነብር ህዝቢ ሕልንኡ ሸይጡ፡ መውጺኢኡ ሲሒቱ, ተገምጢሉ ንመንደዓት ህዝቢ ገንዘቡ የመጡ,,



እንተ ኣነም ኣይኮነን ዶ ሎሚ
ኣብቲ ጽንኩር ኩነታት ዓሚ
ኣብ ፍትሒ ዝነገሶ ዓዲ ተቐሚጠ
ዓሚ ውን ሕልናይ መዓስ ሸይጠ,,

ውድቀት ጭፍራ ክንርኢ
ከይተተከኤ ዝብኢ ብዝብኢ
ብእዋኒ ነለሊ ንከብዱ  ገንኢ,

ህዝቢ ካብኦም ሃዲሙ እወ
ተሰዲዱ ንጭፍራ ምስ መጠወ
እንድዩ ህግደፍ ኣርሒ ኮኑ ዝነቀወ,

ግን ኤርትራ ወላዲት ሸሞንተ
መኻን ኣይኮነትን ዓዲ ሰማእታተ
ደለይቲ ፍትሒ ጻላእትኹም ኣለልዩ
ሕጂ ውን ብመኣዲ ሸሞንተ ክወግሕ ዩ,

ሹዑ እቶም ንህዝቢ ዘንብዑ

*ኣኽላባት ህግደፍ ደም ክነብዑ*
*ኣብ ሕጋዊት ኤርትራ ክቕጽዑ,*

*ኣብ ቀይዲ ምስ ኣተወ ዝብኢ*
*ዕድመ ዝሃቦ ብርሃን ክርኢ*
*ሹዑ ህግደፍ ደቂ ሓደ ልቢ*
*እንተ ኮይኖም ንርኢ,,*

*እቶም ብህግደፍ ዝነበሮም ሓለፋ*
*ንርኢ እቶም ካብ ባሕሪ ብጫልፋ*
*እንተ ኢሎም ፍርድኻ ንሕና ንሓልፋ,*

*ከልቢ ህግደፍ ይንባሕ*
*ገመል ጉዕዙኡ ይቕጽል*
*ኢደይ ኢድካ ንበል*
*ናይ 27 ዓመት ጽንብል*
*ኣብ ዓድና ክነብዕል,*

*ሹዑ ሕድሪ ሰዉኣቱ ዘይጠለመ*
*እቲ ንጭፍራ ህግደፍ ዘይከደመ*
*ፍትሒ ይንገስ እንዳበለ ዝዓዘመ*
*ሹዑ ሕልኑኡ ይቀስን ምስ ተኣዘመ,*

*ክብርን ምጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና, ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና,ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍ ዓንገልቶምን፡ በርሀ ዑቅባዝጊ ካብ ሃገር ጀርመን፡፡*